**ዕለት ፡- ነሐሰ ፳፩ ፤ ፳፻፻፬** August 27, 2012

ዋኒኑ ፡- ሓዘን መግለጺ

## <u>“ናይ ሓዘን መግለጺ”</u>

---

**ብስመይን፣ ብስም ቦርድ ማሕበር ዓለምለኸ ነበር ተምሃሮ ንግሥተ ሳባን፣ ብስም መላእ ማሕበርተኛን አባላትን ማሕበር፤ ብዕረፍቲ ቐዳማይ ምኒስተር፣ ሓውና ኣይተ መለስ ዜናዊ፣ ብኣሸሓት ዚቑጸር ኪሎሜትር ርሕቐት እኳ እንተሃሎና፣ ምሟቶም ዚነግር ኣደንጋጺ ወረ ምስ ሰማዕና ዝተሰመዐና ልባዊ ሓዘን ንምግላጽ ንደሊ። እዙ ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ መሪር ሓዘን ድማ ናትና ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ምሉእ ሕዝቢ ትግራይን፣ ናይ ምሉእ ሕዝቢ ኢትዮጵያን ከምዝኾነ ጥርጥር የብሉን። ይትረፍዶ ኢትዮጵያውያንስ ካብ ኣፍሪካን ካብ ሙሉእ ዓለምን ብዙሕ ናይ ሓዘን መግለጺ መልእኽትታት በብጋዜጥኡ ይረአን፣ ይንበብን ኣሎ።**

**እምብአርከስ ሞት ንማንም ዘይተርፍ ዕጫ እዩሞ ንቐዳማይ መራሒ፣ ኣይተ መለስ ዜናዊ መንግሥተ-ሰማያት የዋርሶም፣ ንቤተ ሰቦምን ንምሉእ ሕዝቢ ኢትዮጵያን ጽንዓት ይሃብኩም እናበልና፣ እግዚኣብሔር ንኢትዮጵያ ከምኦም ብዝበለ ለባም መራሒ ክትክአልና፣ እቲ ንሶም ዝጀመርዎን ዝዓመምዎን ኲሉ ድማ ናብ ምሉእ ፍጻሜ ኪበጽሕ ትምኒትናን ጸሎትናን እዩ።**

**ምስ ልባዊ ሓዘን ፤**

*ኢያሱ ጐርፉ*

ኢያሱ ጐርፉ

ኣቦ ወንበር ።

ማሕተም

**Queen Sheba Schools Alumni Association & Friends - International**
**P.O.Box 41451 Arlington, VA 22204 Tel. (714)372-0563**